# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.210 ሰንበት 3 ግንቦት 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 ዜና


ገጽ 3 እቲ ሕቡእ ወርቂ



ገጽ 4 “ፕላኔትና፡ ጸጋትና”



ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ



ገጽ 7 ነገረ ጀንደር፡ ኣብ ቦታ ስራሕ


## ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ መበል 20 ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣቃኒዑ

መበል 20 ሓፈሻዊ ጉባኤ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ “ብሉጽነት ሱቡሞያ ፋርማሲ ብምዕባዩ፡ ውሕስነት ጥዕና ነረጋግጽ” ብዝብል ቴማ፡ ብ2 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተቓኒዑ።

ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ ጉብረ ኣብ ዘሰመዮ ቃል፡ ኣብ ገስጋስ ማሕበር ወጽኢታዊ ትምህርትን ተመክሮን ከምዝተቐሰመ፣ እዚ ድማ መርኣያ ወፋይ ጻዕሪ ኣባላት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንኣሰናዳኢት ኮሚቲ ኣመስጊኑ።

ሞያዊ ማሕበር ምቛም ቀሊል፣ ቀጻልነቱ ምውሓስ ግና ቡዙሕ ምኽንያት ብምግላጽ፡ ማሕበር - ብልዑል ወኒን ሓያል ናይ ዕዮ ስነምግባርን መንእሰያት ኣባላት ከምዝዕምብብ፣ ከለንትናዊ ምዕባለ ንምርግጋጽ ግና ንቑሕ ተሳትፎ መላእ ኣባላት ከምዘድልየት ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ጉባኤ፡ ጸብጻብ ዝተፈላለየ ሽማግለታት ምስ ቀረበ፡ ንጉዳይ ኣባልነት፡ ሕብረተሰባዊ ንጥፈታት፡ ከምኡ ቅዋም ማሕበርን ፋይናንሳዊ ንጥፈታትን ዝምልከት ዛዕባታት ቀሪቡን ብዕምቈት ተዘቲዩሉን።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣማኻሪ ቦርድ ዝዋቐረሉ ባይታ ክጥጥሕ፣ ጸብጻብ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ማሕበር ክንጸርን ኣባላት ክፍሊቶም ኣብ ግዜኡ ክኸፍሉ፣ ኣፍልጦ ኣባላት ኣብ መምርሒታትን ሕጋጋትን ማሕበር ክበርኽ፣ ሓበሬታ ናብ ኣባላት ኣብ ግዜኡን ብዝሓየኸን ክበጽሕ፣ ከምኡውን ኣባላት ጸገማት ማሕበር ኣብ ረብሓኦም ከውዕሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ 12 ዝኣባላታ ሓዳስ ኣካያዲት ቦርድ ከምኡውን ኣካል ወሳኒ ኦዲት ተመሪጸም።





ስእሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር

እዚ ከምዝሉ እንከሎ፡ ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ “ብሉጽነት ሱቡሞያ ፋርማሲ ብምዕባዩ፡ ውሕስነት ጥዕና ነረጋግጽ” ብዝብል ቴማ፡ ብሓደ ግንቦት መበል 19 ስነፍልጠታዊ ዋዕላ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣቃኒዑ።

ፕረዚደንት ማሕበር ኣቶ ኣብርሃ ጉብረ፡ እቲ ዋዕላ ኣብ መንጎ ሱቡሞያ ፋርማሲን ዋዕለኛታትን ተመክሮ ንምልውዋጥ፣ ኣብ ስነፍልጠታዊ ምዕባለታት ንምዘታይ፣ ከምኡውን ጽላት ጥዕና ሃገርና ንምድንፋዕ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሞያ ፋርማሲ ኣገዳሲ መላግቦ መርመራን ሕውየትን ምዃኑ፣ ሞያውያን ድማ ኣሳሰይቲ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ደምጺ ድሕነት ሕሙማት፡ ከምኡውን ቀለስትን ቀያስቲ ምዕባለን ናይ'ቲ ሞያ ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ስነመድሃኒታዊ ብሉጽነት፡ ቀጻሊ ስራሕን ምዕባለን ዝሓትት ንጥፈት ደኣ'ምበር ቀዋሚ ዕላማ ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣብርሃ፡ ብሉጽነት ናይ ዝኾነ ዓውዲ - ቀጻሊ ትምህርትን ምርዓም ሓደሽ መጽናዕትታትን ከምዝጠልብ ኣጆሩ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ተጠቀምቲ ፓራሲታሞል ኣብ እዋን ጥንሰን ሳዕቤናቱን፣ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝፍረ ከሰሳ ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒት፣ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ጸረ-ተህዋስያን ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ዜጋታት፣ ጠንቂ ረኽሲ ደም ብምኽንያን ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ፣ ገምጋም ቅኑዕነት ምሕደራ ሕማም ወጽኣትን ወሰንቲ ረቛሒታትን ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፣ ርትዓዊ ተጠቀምቲ መድሃኒት ኣብ ኽፍሱጻራት፣ ከምኡውን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ተመላለስቲ ተሓከምቲ ዝብሉ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦምን ተዘቲዩሎምን።

ብዘይካ'ዚ፡ “ምሉእነትን ዝርግሐን ሞያውያን ፋርማሲ ኣብ ኤርትራ” ኣብ ዝብል ዛዕባ ሓበራዊ ዘተ ተኻዩዱ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ንትግባረ ክመርሑን ዝጸንሓ ወጽኢት ክርከቦምን፣ ንምዕባለ ሞያ ፋርማሲ ወህደት ሱቡሞያ ጥዕና ክየዳዳዝን ዝምጥን መሳለጥያታት ክዋደድን፣ ስልጠና ኣባላት ብዕቱብ ክሰራሓሉ፣ ከምኡውን ምርምራዊ ስራሓት ክሕየል ዝብል ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኩነብ ደረጃኦም ብሉጽ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ዘቕረቡ ከምኡውን ንምዕዋት'ቲ ዋዕላ ንዝጸዓሩን ሽልማትን ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ተዋሂቡ።

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝጥርፍን ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 1992 ዝተመስረተን ፋርማሲቲካዊ ማሕበር ኤርትራ፡ ኣስታት 380 ምዝጉባት ኣባላት ኣለውዋ።

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብውዕዉዕ ሃዋሁ ተዛዚሙ



ስእሊ. ሄኖክ ተክለገርግሽ



ስእሊ. ሄኖክ ተክለገርግሽ

“ስፖርታዊ ንጥፈታት ተመሃሮ፡ ደፋኢ ሓይሊ መቐደሮ” ብዝብል ቴማ ን8 ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብውዕዉዕ ሃዋሁ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ብሚኒስተር ትምህርቲ ዶር ሓሊማ መሓመድ ዝተኸፍተ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ስፖርት መምህር ሞኣዘዚ ገዘሀይ ኣብ ዘሰመዮ ቃል፡ ሎሚ ዓመት ልዕሊ 14 ሽሕ ተመሃሮ ኣብ 12 ዓይነታት ስፖርት ከምእተሳተፉን ምዕሩይ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ዘተራእየሉ ከምዝነበረን ገሊጹ።

ስፖርት ኣብ'ዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ክንጽር ማዕናዊ መለለዩ ሃገራዊ መንነት ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብመንገዲ ኣብያተ-ትምህርቲ ምዕቡል ሃገራዊ ባህሊ ስፖርት ንምኽሳስን ሓበን ሃገር ዝኾኑ ተኣእቲ መንእሰያት ንምምልማልን ዓቢ ተራ ይጻወት ከምዝሎ ብምግላጽ፡ ነቲ መደብ ንምድማቕን ንምዕዋትን ንዝጸዓሩ መምህራን፡ ኣለይቲ ተመሃሮን መራኸቢ ብዙሃንን ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብኹሉ ዓይነታት ስፖርት ካብ ሸውዓተ ንኡስ ዞባታት ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፣ ካብ 22 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ቤት-ትምህርቲ ባርካ ጉብለል ብምኻን ተሸሊመን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮ፡ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሓሊይ ቀዳመይቲ ወጺኣ።

ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክውን ክኸውን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ትካላት መንግስትን ውልቀሰባትን ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

ዜና

# ተሰነይ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተኻዪዱ






ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤን ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካን ዝተወደበ ቅነ ውዳቤታት መንእሰያት፡ "ውሁድ ቅኒት መንእሰያት ንምህዞን ምዕቃብ ባህላዊ ውርሻን" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ሚያዝያ ተኻዪዱ።

እቲ ቅነ፡ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዑ፡ ደሞማ ደርፊ፡ ውድድር ቀያሕቲ ዕንበቡ፡ ግጥምን ሓጺር ዛንታን፡ ምህዞን ቅብኣን፡ ያታዊ ትልሂትን ምልከት መሳርሒታት መዚቃን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ መለስ ጉብረዩ፡ እቲ መደብ ንዕቤትን ፍልጠትን መንእሰያት ኣጉዱሲ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ መንን ምምሕዳራት ከበቢን መሻርኽትን ንዘተራእየ ምውህሃድ መጒሱ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ማሪቆስ ግርማጼን ብወገኑ፡ እቲ ቅነ - መንእሰያት ታሪኻውን ባህላውን ክብርታት ሕብረተሰቦም ዝወርሱሉን ዝዕቅብሉን፡ ከምኡ'ውን ናይ ምምሃዝን ምብልሓትን ዓቕምታቶም ዝፍትሹሉን ዘማዕብልሉን ብምዃኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝስራሓሉ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ጉብረእየሱስ ድማ፡ እቲ መደብ - ብዘቖለለ ኣገባብ ፍልጠትን ክእለትን ዝድለበሉ ብምዃኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ብዓይነት ንምብራኹ ኣብ ዝቐድ ጻዕሪ ምምሕዳር ኣበርክቶ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

# ማሕበር መምህራን ጨንፈር ጋሽ-ባርካ፡ 8ይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ



ማሕበር መምህራን ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ25 ሚያዝያ ኣብ ኣቑርደት ኣብ ዘቃለዖ 8ይ ጉባኤ፡ ሓዳስ ኣኪያዲት ኣካል መረጸ።

ኣቦመንበርቲ ጨንፈር መምህር ተስፋልደት ተስፋማርያም፡ ሞያዊ ዓቕምን ማሕበራዊ ጥምረትን መምህራን ዝድርዕ መደባት ብዐጀዋኡ ከምዝትግበር ጠቒሱ፡ መምህራን ብሓፈሻ ኣባላት ማሕበር ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምድንፋዕ ማሕበርን ዓቕሚታቱን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ጸዊዑ።

ሓላፊ ማሕበር ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት መምህር ዑስማን ዓብዱ ብወገኑ፡ ንመምህራን ዝውሃብ ስልጠናታት ኣጉዲሱ፡ ዕዙዝ ስለዝኾነ ብስፊሑ ክድፋኣሉ፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ማሕበር ግቡኣቶም ክማልኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት መምህር ጸሃየ ብርሃ፡ ዝተመርጸት ሓዳስ ኣኪያዲት ኣካል ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ማሕበር ቀላሲ ተራ ክህልዋ ተላብዩ።

# ሰንዓፈ - ተሳታፍነት ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ምውዳድ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብዘሃበር ዘሎ ወፍሪ፡ ተሳታፍነት ህጻናት ዕብየት የርኢ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ን/ዞባ መምህር ዑመረዲን መሓመድ ገሊጹ።

ኣቐዲሙ እቲ ኣገልግሎት ኣብ ከተማ ሰንዓፈን ወሓዱት ምምሕዳራት ከበቢን ጥራይ ተደሪቱ ብምንባሩ፡ ብዙሓት ቈልዑ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድል ከረኽቡ ከምዘይጸንሐ፡ እዚ ድማ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ 42 ሓደስቲ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ድሕሪ ምውዳደን፡ እቲ ዝነበረ ድሩትነት ከምእተፈትሐን ቁጽሪ ተመሃሮ ከምዝወሰኸን ኣብሪሁ።

ኣብ`ዚ እዋን`ዚ ኣብ 23 ምምሕዳራት ከበቢ 49 መዋእለ-ህጻናትን ኣስታት 2 ሽሕ ተመሃሮን ከምዝለዉ ዝጠቐሰ መምህር ዑመረዲን፡ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብ7 ዕጽፊ፡ ቍጽሪ ተመሃሮ ድማ ብልዕሊ 55 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ዝገበር ወፍሪ ኑቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ዝድለ ብቕዓትን ወጽኢትን መሰረት ስለዝኾነ፡ ብኮም ንዘወሰድ ዘሎ ተበግሶ ንኢዱ።

ተቐጻጻሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ መምህር ኢብራሂም ዓብደላ ብወገኑ፡ ሕብረተሰብ ንተራ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ መጻኢ ዕድል ቈልዑ ተገንዚቡ ብምሉእ ክጥቀመሉ ብምዝኽኻር፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቐድ ዘሎ ጻዕሪ ንምዕዋት'ውን ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ጸዊዑ።

መመህራን መዋእለ-ህጻናት ብወገኖም፡ ሳላ ዝተዋህበ ስልጠናታት፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ጌጋስ ወጽኢት ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ከምዝሓኾ ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ ክቕጽል ተላብዮም።





## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

የሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍስ 125013 - ቍሳጸ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፌዮሪና |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስ ትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዝይይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | ዝኽርታት ረፈረንድም |
| 23-25 | ሚያዝያ 1993 (4ይ ክፋል) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ መኣዝን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደርፌ |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## እቲ ሕቡእ ወርቂ

ሓደ መዓልቲ ሓደ ሰብኣይ፣ ኣብ ገምገም ባሕሪ እናተዘናገዐ፣ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝነበረ በዓትታት ክዕዘብ ጀመረ። ኣብ ሓደ ካብቲ በዓትታት ከኣ ሓደ ከቢብ ቅርጺ ዘለዎ ብሓመድ ዝተሰርሐ ኩዓሶ ዝመልእ ክሻ ረኸበ። ሓደ ሰብ ኣኸቢቡ ንኸቅጽ ዝገደፎ እዩ ዝመስል። ነቲ መሸማዕ ምስኡ ተማሊኡ ከኣ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ኮይኑ፣ ነቲ ከቢ ሓመድ ክሳዕ ዝበኣሎ ርሕቀት ናብቲ ባሕሪ እናሰንደወ ክዘናጋዕ ጀመረ። ሃንደበት ግን ሓንቲ ካብተን ከቢ ካብ ኢዱ ወዲቓ ምስ ከውሐ ስለ ዝተጋጨወት ኣብ ክልተ ተመቐሊት'ሞ፣ ኣብ ውሽጣ ከኣ ዘብለጭልጭ ነገር ጸኒሑ። እቲ ሰብኣይ ብኣንክሮ እንተመርመሮ ድማ እቲ ዘብለጭልጭ ነገር ወርቂ ነበረ። ነተን ዝተረፋ ምስቲ ከውሒ እናኣጋጨወ ክከፍተን ጀመረ። ኣብ ነፍሲ ወከፈን ከኣ ተመሳሳሊ ወርቂ ጸኒሑ። ካብተን ዝተረፋ ክቡር ዝዋጋኡ 20 ኣዋርቕ ረኸበ። እቲ ዘሕዘን ግን ካብ 50 ክሳብ 60 ዝኾውን ዝተሓብኣ ወርቂ ዘለዎ ከቢ ሓመድ ናብቲ ባሕሪ ብጌጋ ኢዱ ምስንዳው እዩ።



ደቂ ሰባት ምስዚ ኩነት ዝመሳሰል ባህርያት እዩ ዘለና። ንሓደ ሰብ ብደጋዊ ምስሉ ንርእዮ እሞ ሰሓቢ ኮይኑ ምስ ዘይንረኽቦ፣ ንንዕቀን ክኣእሮን፣ ፈጺምና ናብኡ ክንቀርብ'ውን ኣይንደልን። ካብ ሓደ ሃብታም ወይ ጸቡቕ መልክዕ ዘውንን ሰብ ከኣ ኣትሒትና ንርእዮ። ነቲ ኣብኡ ተሰዊሩ ዘሎ ጥቡብን ፍልጠትን'ውን ግዲ ኣይንገብረሉን። ብዙሕ ግዜ ርእስና ከይተረፈ እኹል ኣፍልጦ ስለዘይብልና ነተን ክንዋጸለን ክንፍርየለን ዝበረና መዓልታትና ንኸስረን። ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍና ክቡርን ፍሉይን ውህበት ከም ዘሎ ክንፈልጥን ነዚ ውህበት ኣለሊና ብሉጻት ክንኸውንን ኩሉግዜ ብምስትውዓል ክንመላለስ የድሊ።

## ረብሓታት ፍሽኽታ

1. ፍሽኽ ምባል ነዊሕ ዕድመ ክትነብር የኽእለካ፦ ሕጉሳት ሰባት ልዕሊ እቶም ዘይሕጉሳት ጥዑያትን ነዊሕ ዕድመን ከምዝነብሩ እዩ ዝግለጽ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፣ ሕጉሰን እወታውን ምኻን ኣብ ህይወትካ ጥዕናን ዕድመን ይወሰኽ።

2. ጸቕጢ የጉድል፦ ዋላ ጉሂኻ ከለኻ ፍሽኽ ምባል ነቲ ክሰምዓካ ዝጸንሐ ሕማቕ ስምዒት ብፍርቂ ኣብ ምጉዳል ዓቢ ተራ ይጻወት። ፍሽኽታ ኣብ ገጽካ ዝጸንሐ ኣሉታውነት ጥራይ ዘይኮነ ጸቕጢ ኣእምሮ ኣብ ምጉዳል'ውን ቀሊል ዘይኮነ ተራ እዩ ዘለዎ።

3. ሕጉስ ከምትኸውን ይገብር፦ ፍሽኽታ ስምዒታትካ ብምብርባር ሕጉስ ንኽትከውን የኽእለካ። ኣብ እትሓዝነሉ ወይ እትጉህየሉ ግዜ፣ ፍሽኽ ክትብል ፈትን እሞ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ።



4. ጸቕጢ ደም የጉድል፦ ፍሽኽታ ጸቕጢ ደም ኣብ ምጉዳል ዓቢ ተራ ኣለዎ። ኣብ እትሰሓቐሉ ወይ ፍሽኽ እትብለሉ ግዜ፣ ጭዋዳታትካ ብምዝርጋሕ ትሑት ጸቕጢ ከምዝህሉ ይገብር። ብዘይካ'ዚ ኣብዚ መዓዲ ኣተኩሩ ዝተኻየደ ሓደ መጽናዕቲ፣ ቀጻሊ ሰሓቕን ፍሽኽታን ዘዘውትሩ ሰባት ምስ ልቢ ኣብ ዝተሓሓዘ ዘወሰድዎ መድሃኒት ከምዝኸድሉ የረድእ።

5. ቃንዛ የጉድል፦ ኣብ ቃንዛ ከለና ፍሽኽ ምስ እንብል፣ ሓንጎልና ነቶም ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ዝርከቡ ኢንዶርፊንን ሰሮቶኒንን ዝበሃሉ ሆርሞናት ክዝርዉ ይእዝዞ። እዞም ተፈጥሮኣውያን ከምኒካላት ድማ ካብ ርእስኻ ክሳብ እግርኻ ጸቡቕ ከምዝስምዓካ ይገብሩ።

6. ፍሽኽታ ሰሓቢ ንኽትከውን የኽእል፣ - ሰባት ብባህሪና ፍሽኽ ብዝበሉ ሰባት ዝያዳ ከምእንስሓብ እዩ ዝግለጽ። ጸዋግ ገጽ ምውናን ግና ሰባት ውሽጥኻ ከይፈለጡ ካባኻ ከምዝርሕቁን ከምዝጸልኡኻን ዝገብር እዩ። ፍሽኽታ ካብ እትሓስቦ ንላዕሊ ሰሓቢ ክትከውን እዩ ዘኽእለካ፣ ባህርያትካ ምሉእን ጎደሎን ከምዝይብሉ እዮም ሰባት ዝሓስቡ። ብዘይካ'ዚ ቀጻሊ ፍሽኽታ ዘዘውትር ሰብ፣ ጭዋዳታት ገጹ ቀልጠፍም ከምዝይኣርጉ እዩ ዝግለጽ።

## ካብ ኣገረምቲ ወግዕታት

• ኣብ ቱርኪ ዓመታዊ ዝቖየድ ኣብ መንጎ ኣግማል ቅልስ ዝቖየደሉ ምርኢት ኣሎ። እዚ ብቱርካውያን ፍቱው ዝኾነ ቅልስ ብዙሓት ተዓዘብቲ ከምዝስሕቦ እዩ ዝግለጽ።

• ኣብ ኒው ዝላንድ ዝነብሩ ቀቢላ ሃካ፣ ብጸጉም ናይ ምፍርራሕ ምልክት ዘርእዩሉ ልምድታት ኣለዎም። እዚ ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባት ብኣሉታ ዝግለጽ እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ባህሊ ሃካ ግና ንጸላእቶም ንምርዓድ እዮም ዝጥቀምሉ።

• ኣብ ቻይና፣ ንመርዓ ዝዳለዋ ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣካል ምድላዋተን ንሓደ ወርሒ ይበኽያ። እዚ ኣብ ኽዑታት ወሊ.ንግ ብዝነበራ ቀቢላ ቱጂ'ውን ይሰዓብ እዩ። ብዘይካ'ዚ ቻይናውያን ደቂ ኣንስትዮ እግረን ንምንኣስ ብዙብል ዕላማ፣ እግረን ብጨርቂ ቀጥ ኣቢለን ዝጥቅልላሉን ንእሽተይ ጫማን ዝኽደናሉ ልምዲ ኣሎ። ኣብዛ ሃገር ካብ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ኣትሒዙ፣ ንእሽተይ እግሪ ዘውንና ደቂ ኣንስትዮ ከም ጸቡቓትን ተበሃግትን ይሕሰብ ነበራ። ሎሚ ግና እዚ ባህሊ ኣብ ርሑቃት ገጠራት እንተዘይኮይኑ ዳርጋ ተሪፉ እዩ።

• ሰዓብቲ እምነት ሂንዱ (ህንዳውያን) ንኣምላኾም ዘለዎም ክብርን ኣምልኾትን ንምግላጽ ኣብ ገለ ክፋል ኣካላቶም ክስቆሩ ይረኣዩ እዮም። ብፍላይ ድማ ኣብ መልሓሶም ይስቆሩ፣ እዚ ወላ'ኳ ኣዝዩ ኣቀንዛዊ እንተኾነ ሓጎስ ከምዝፈጥረሎም እዮም ግና ዝግለጹ።



• ብዘይካ'ዚ ማሃራሽትራ ኣብ ትብሃል ገጠር ህንዲ፣ 'ናግ ፓንቻሚ' ዝበሃል ዓመታዊ ዝቖየድ ፈስቲቫል ኣሎ። እዚ ፈስቲቫል ኑቶም ነቲ በዓል ኢሎም ዝኣከቡዎም ኣትማን ፍሉይ ክብርን ኣምልኾትን ብምሃብ እዩ ዝጽምበል። ኣብ ፈስቲቫል ናግ ፓንቻሚ፣ ኑቶም ኣትማን ኣብ ዕትሮ ብምእታው ኣብ ርእሶም ጌይሮሞም እናሳዕሰዑ ናብ ቤት መቅደሶም ይኣትዉ። ጸሎት ድሕሪ ምግባሮም፣ ኑቶም ኣትማን ህሩድ፣ ጸባን መዓርን ኣብ ልዕሊ.ያም ብምኽያው፣ ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤት መቅደስ ይፍንውዎም። ነበርቲ ማሃራሽትራ፣ ኣብቲ ጽምብል ወላ'ኳ ከም በዓል ኮብራ ዝኣመሰሉ ኣዝዮም ሓደገኛታትን መርዛማትን ኣትማን ይጥቀሙ እንተኾኑ፣ ኣብቲ ጽምብል ብተመን ተነኺሱ ዝፈልጥ ሰብ ከምዘይብሎም እዮም ግና ዝገልጹ።

• ኣብ ሮማንያ፣ ሓደ መርዓዊ መርዓቱ ንኽወስድ ሓደ ስፖንጠራዊ ዝመስል ጸወታ ክጻወት ይግደድ። ንሱ ንመርዓቱ ቅድሚ ሰበይቱ ምኳና፣ ንኽልተ መዓልታት ስድራኣ ክረኽባዋ ኣብ ዘይክእሉ ቦታ ክሓብኣ ኣለዎ። ካብቲ ዝሓብኣ ቦታ ክትሃድም እንተኽኢላ ወይ ስድራኣ እንተረኺቦማ ሰበይቱ ኣይትኸውንን። ኣብተን ክልተ መዓልታት ስድራ ቤታ ወይ ፈተውታ ክረኽብዋ እንተዘይክኢሎም ጥራይ እያ ከምርዓዋ ዝኽእል።

## ጽንብል ሓጋይ

ቅድሚ 50 ዓመታት፣ ሓደ ኣመሪካዊ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብሰንኪ ዝሑል ኩነታት ኣየር ካልሲ ክለብስ ድሕሪ ምግዳዱ እቲ ወቕቲ ምስ ተዛዘመ ግና ክሳብ ዝመጽእ ክረምቲ ካልሲ ከምዘየድልዮ ብምግላጽ ኣንደዶ። ድሕሪኡ ግና እዚ ተርእዮ ልሙድ ኮይኑ ስ ዓመት መጸ ዝጸንበል ፈስቲቫል ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

እዚ ኣብ ግዝኣት ሜሪላንድ (ኣመሪካ) ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ዝሳተፍሉ ፈስቲቫል፣ ካልሲታት ብምቅጻል ዝቖየድ ፍቱው ጽንብል ምዃኑ እዩ ዝንገር።

ፈስቲቫል ምንዳድ ካልሲ ኣብ 1977 ኣብ ሓደ ቀራሪ ወቕቲ እዩ ጀሚሩ። በቲ ዝነበረ ኣዝዩ ዝሑል ኩነታት ኣየር ዝተናኸመ ቦብ ተርነር ዝተባህለ ሓደ ሳርቶ ግና ካልሱ ኣወጺኡ፣ ከንድዶ እዩ ወሲኑ። ስለዚ ተርነር ጀሚሪ ናይ'ዚ ጽንብል ክኸውን ክኢሉ። ተርነር ቁሪን ካልሲ ምኽዳንን ዝብሉ እቶም ኣብ ህይወቱ ክጸወርም ዘይክእል ክልተ ነገራት ምንባሮም እዩ ዝገልጽ። ካብ ክቱር ጽልኢ ካልሲ ዝተላዕለ "ክሳብ ዝመጽእ ቀራሪ ወቕቲ ኣይለብሶን እየ" ብምባል'ዩ ካልሲታቱ ከንድዶ ዝወሰነ።

ብዙሓት ነበርቲ ከተማ ኣናፖሊስ ድሕሪ ምዝዛም ቀራሪ ወቕቲ ሓጋይ ብመልክዕ ጽንብል፣ "ክሳብ ዝመጽእ ሓጋይ" ካልሲ ኣይክንወድን ኢና" እናበሉ ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ካልሲታት ከንድዱ ይረኣዩ።

ሎሚ ነዚ ኣገራሚ ጽንብል ውድድር ንኣሽቱ ጀላቡን ምርኢት ሰሓብቲ መደባት መዚቃን ወሲኾምሉ ይርከብ።



## ክምዚ'ውን ኣሎ

ኣሽሊ ሾችመይደርን ጄምስ ሰሶን ዝተባህሉ መጻምድቲ ካብ ቅድሚ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዞም መርዓኦም ኣብ ፍሉይ ቦታ ክጽንብልዎ እዮም ሓሊኖም። ዕለተ መርዓ ምስተቈጸረ ድማ እቲ ቃል-ኪዳኖም ክኣስርሉ ዝመደቡ ቦታ ጫፍ ናይቲ ዝለውሐ እምባ ዓለም ዝኾነ ጎቦ ኤቨረስት ክኸውን መደቡ። ነቲ ጽንብል መርዓ ክስእል ዝተመደበ ቻርለቶን ቻርቺል፣ "እዚ ንእርሐይ ብዕጽፍታት እዩ ኣኸቢዱዎ፣ ቅድሚ ናብ እምባ ኤቨረስት ምሕኳረይ ብዙሕ ልምምድ ከካይድ ነይሩኒ። ናብ ኤቨረስት ክንሓኩር ብዙሕ መዓልታት እዩ ወሲዱልና። ኣብ ኣዝዩ ቀራሪ ቦታ ናይቲ እምባ'ውን ክንደቕስ ንግደድ ነይርና። እዞም ክልተ መጻምድቲ ኣማኢዮኡ ዕለተ መርዓኦም ኣብኡ ክጽንብሉዎ ምኽኣሎም ኣዝዮም ዕድለኛታት እዮም" ኢሉ።

ጀሮንን ሳንድራ ኪፐርስን ዝተባህሉ መጻምድቲ'ውን ብጋንጽላ ኣብ ሰማይ እናበረሩ እዮም ቃል ኪዳን ኣሲሮም። ንሱዶም ቀዋሞት ካብ መሬት 150 ጫማ ንላዕሊ ኣብ ኣየር ተንጠልጢሎም ቃል ኪዳን ዝኣሰሩ ክኾኑ ዝሸቐዐ ኮይኖም። ድሕሪ'ዚ ድማ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ብሰላም ናብ መሬት ዓሊቦም።






# “ፕላኔትና፡ ጸዓትና”

ኣማን ሳልሕ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን
ቀዳማይ ክፋል

ኣህጉራዊ መዓልቲ ምድሪ ዓመታዊ ኣብ 22 ሚያዝያ ተዘኪራ እትውዕል ሓንቲ ካብተን ኣገደስቲ ኣከባብያዊ ዕለታት እያ። እዛ ኣብ ድሕነትን ዕቃበን ፕላኔትና “ምድሪ” ዘለና ኣበርክቶ እነሐይለላን ከምኡ’ውን ንቕሓትና እነብርኸላን ናይ መዘኻኸሪት ዕለት ሎሚ ዓመት’ውን “ፕላኔትና፡ ጸዓትና” ብዝብል ቴማ ተዘኪራ ወዒላ።

እዚ ቴማ ንሓደ ቀሊል ግን ከኣ ሓያል ሓሳብ ዘጉልሕ እዩ። ትርጉም ዘለዎ ኣከባብያዊ ለውጢ ዝመጽእ ኣብ መንግስታት ጥራይ ዝምርኮስ ዘይኮነስ ኣብ’ቲ መዓልታዊ ተግባራት ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰባት ዝድረኽ እዩ።

ምድሪ ሓንቲ ካብተን ፕላኔታት ኮይና፡ እታ እኽሎ ወዲ ሰብን ካልኦት ፍጡራትን ዝነብሩላ እያ። ምድሪ ህይወታውያን ንክነብሩን ቀጻልነት ንክህልዎምን ኩሉ ካብኣ ዝድሊ ትቕርብ እውን እያ። ሎሚ ኣብ ምድርና ዘጋጥሙ ዘለዉ ጸገማት፡ ነቲ ካብኣ ንረኽቦ ዝተፈላለዩ ጸጋታት ዘለና ኣተሓሕዛ ዘስክፍን ምስ ግዜ ናብይ ክወስደና ከም ዝኽእል ደው ኢልካ ዘሕስበን እዩ። እቶም ንፈልጦም ንጥቀመሎም ትዕድልትን ጸጋታትን ምድሪ ገለኦም ክጠፍኡ፡ ክጸንቱ፡ ክበከሉ፡ ንምንባር ክሸገሩ ክትርኢ ከለኻ፡ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ግዜ እዩ። ጽባሕ ዝሓሸ መጻኢ ክኸውን እዩ እናበልካዮ፡ ካብኡ ብዝኸፍአ ብዝይ ተጸቢኻዮ መሊሱ ክብእስ ምርኣይ መዓልታዊ፡ ነቲ ኣብ ምድርና ዝኾነ ዘሎ ለውጢ እምብዛ ዘሻቕልን ዘሰንብድን ተርእዮ እዩ።

ኣብ ዓመት 2026 ኮይንና ጥራሕ ኑየም ዘለዉ ብደሆታት እንተርኢና፡ ክሊማዊ ነውጺ ክብእስ፡ ባህርያዊ ጸጋታት ክበኽሉ፡ ዓለማዊ ስርዓታት ክዛራረጉ፡ ጸዓትን ተክኖሎጂን ኣገደስትን በዓሀትን ምኳኖም ዘረጋግጹን ከም ኣብኡ ምጥቃስ ይከኣል።

ሽሕ’ኳ ብደሆታትን ስንብራትን ኣከባቢ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዞም እናተዋህለሉ ዝመጽኡ ጸገማት እንተኾኑ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ ዕቑዳት ዘጋጠመ ግን ክጽኦ’ቲ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ኣከባቢ ዝተኣብዩዎን ዝተጸበይዎን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ወዲሰብ መድረኻዊ ሓላፍነት ተሰኪሙ፡ ነቲ ዘሎ ብደሆታት ኣብ ምግታእ ወይ ምጉዳል ዕቱብ ተበግሶ ዝወስደሉን ናይ ተዛ ግዜ ዘይረኣየሉን ምኳኑ ርጉጽ ይገብሮ።

ዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎን ዘጠንቅቕዎን ዘለዉ፡ ሰንበራት ዕንወት ምብራስን ባህርያዊ ጸጋታትን ዝተሓላለኸን ናብ ክትመልሶ ዘይትኽእል ደረጃ ይዓርግ ከም ዘሎን እዩ። ንኣብነት ገለ ካብ መጽናዕትታት እንተወሰድና፡

- ኣስታት 3.2 ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ማለት (40%)፡ ብብርሰት መሬት (land degradation ) ተጻሂዩ ይርከብ፡
- ክሳብ 577 ቢልዮን ዶላር ኣመራ ዓመታዊ ካብ ፍርያት ብቑሊ፡ ብምጥፋእ ኣጻጋይቲ (ጾገ ዘሲጋግር) ኣብ ሓደጋ ይርከብ፡
- 25% ትፋእ ጋዙ ሓምላይ ገዛ ብሰንኪ ብርሰት ኣግራብ፡ ብቑሊ፡ ምጥቃም ድኹዒን ዝስዕብ ምኳኑ፡
- ብሰንኪ ምቕያር ጕምጕም ባሕሪ ካብ 100 – 300 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ንዝተፈላለየ ሓደጋታት ውሒጅ፡ ዕልቕልቕን ማዕበላት ባሕርን ይቃላዕ ምህላው፡
- ብሰንኪ ዘይተጸንዐ ዝትግበሩ ዘለዉ መደባት ልምዓት ናይ’ቲ ካብ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ናብ ሰብ ዝመሓለለፉ ሕማማት ምብዛሕ፣ ንኣብነት ኮቪድ – 19። በዚ ምኽንያት ልዕሊ 60% ኣብ ወዲ ሰብ ዝርኣ ናይ ረኽሲ ሕማማት ካብ እንስሳታት ከም ዝበገሱ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ገለ ካብ’ቲ ብቐረባ ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት ዘጋጥም ዘሎ ጸገማት ብኣብነት ንምግላጽ እምበር ኣብ ካልኦት ኣከባብያዊ ብደሆታት ዝወርድ ዘሎ ዕንወት መዳርግቲ የብሉን።

ብፕሮግራም ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝዳሎ ናይ ዓለማዊ ኣከባብያዊ ትርኢት (Global Environmental Outlook) ዝገልጾ ጸብጻብ ከም ዘረጋግጾ፡ ብደሆታት ኣከባቢ ካብ’ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝበሮ ብዝተዓጻጸፈ ልዕሊ ትጸበ.ት ብዘኾኑ ንጥዕናን ፕላኔትና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ኣብ መሰረቱ ህላወን ወዲ ሰብ ዓቢ ተጽዕኖ ዝፈጥርን ምኳኑ ይገልጽ። ዝያዳ እዚ ቅልውላው ኣብ ክሊማዊ ነውጺ፡ ብርሰት ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ምብዓም መሬትን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን፡ ብኸላን ምብዛሕ ጕሓፋትን ገለ ካብቶም ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ ዝዓበዩ ኣከባብያዊ ጸገማት እዮም።

እዞም ዝተወሳሰቡን ዝተሓላለኹን ብደሆታት፡ ምስ’ቲ ብዝተፈላለዩ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝበረ ትጸቢታትን ደሊታትን ነዞም ብደሆታት ንምግጣምን ንምጉዳሎምን ክይትግበር ዝኻኣለ ወይ ዝድረት እዩ። እዚ ዝተሓላለኸ ጸገማት፡ ንኣብነት ንዓወታት ዘሎዊ ሽቶታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት 2030 ከምኡ’ውን ኑየም ብዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ ኣህጉራውያን ውዕላትን ስምምዓትን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተዳለዉ ስትራተጂታት፡ ከም’ቲ ዝተተለመን ዝተወጠነ ካብ ምትግባር ንድሕሪ ዝኾትት እዩ።

ምድሪ ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝረኣዩ ዝበሩ ዓቐን ሙቐት ዝያዳ ሞይቃ ምህላዋ፡ እቲ እምቡምዕራፍ ዝተበሃለሉ ናይ ፓሪስ ስምምዕ ‘ናይ ክሊማዊ ለውጢ ምግታእ ዓለማዊ ዋዒ ኣብ 2 እንተተኻኢሉ ድማ 1.5 ዲግሪ ሰንትግሬድ ቅድሚ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝበረ ደረጃ ክግታእ ንዝብል ስምምዕ ክብጽሕ ከም ዘይክኣል ዘርኢ እዩ።

ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ኣከባቢ ደጋጊሞም ከም ዘረጋግጽዎ ዘለዉ፡ ናይ ምድርና ክሊማዊ ነውጺ ኣቓዲሙ ዘይተኸስተ ከኸት ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ በጺሑ ከም ዘሎ የጠንቅቑ ኣለዉ። ዝ ሓበሬታ ዘራጉድ ድማ ንኣብነት ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ዕቑድ እተን ኣዝየን ዝወዓያ 10 ዓመታት ተመዝጊበን ይርከባ። እዚ ኩነታት ገምጋሚ ዓለማዊ ዋዒ ካብ’ቲ ኣብ ግዜ ዘበነ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝበረ ሙቐት ምድሪ ብወሓዱ ብ 1.3 ዲ/ሰ/ድ ምስ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝረኣ ልዑል ፍልልያት ክወሰኽ ክኢሉ። ዝ ኣሃዛዊ ጸብጻብ ዘራጉድ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ማለት (2023-2024) ኣብ ዓለማዊ ታሪኽ እተን ኣዝየን ዝወዓያ ዓመታት ኮይነን ተመዝጊበን ይርከባ። ኣብ ዓመት 2024 ጥራይ እንተወሲድና፡ ገምጋሚ ዋዒ 1.5 ዲ/ሰ/ድ ልዕሊ እቲ ቅድሚ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝበረ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ኣብ ገምጋም ዓለማዊ ዋዒ ዝለዓለ ወሰኽ ዘምጽእ ዘሎ፡ ዝያዳ ልዑል ወሰኽ ጸዕቂ ጋዛት ሓምላይ ገዛ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ናህሪ ኣብ 2023 ክረአ ምኽኣሉ ተወሳኺ መርትዖ እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ልዑል ወሰኽ ኣብ ገምጋም ዓለማዊ ዋዒ ንዝተፈላለየ ዓበይቲ ጸገማት ክሊማዊ ለውጢ ጠንቂ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ጽልዋ ድማ ኣብ ኣየር፡ ወቅያኖስን ጕምጕም ባሕርን፡ መሬትን፡ ሓመድን ከምኡ’ውን ኣብ ጽሩይ ማይ ልዑል ጽልዋ ገይሩ ይርከብ። ብቐልጢፉ ምቕያር ኣብ ዓለማዊ ዑደት ሃይድሮሎጂ (ዑደት ማይ) ዝስዕብ ዘሎ ከም ዕልቕልቕ፡ ምምሳኽ ኩምራ በረድ፡ ምውዓይ ጽሩይ ማይ ወቅያኖስን ምውሳኽ ብራኸ ጸፍሒ ባሕርን ከም ኣብነት ምግላጽ ይከኣል።





ኣብ ዋዒ ጸፍሒ ባሕሪ እንተተዓዚብና እውን ብተመሳሳሊ ናይ 0.9 ዲ/ሰ/ድ ወሰኽ ኣርእዩ ይርከብ።

ብሰንኪ ክሊማ ዝጠንቁ ዝፍጠር ምውሳኽ ረሰንን ምድራቕ መሬትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሳዕቤናት ከም ምኽሳት ዝተፈላለዩ ባርዕ ጫካታት፡ ማዕበላዊ ሙቐትን ደርቕን ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። ብተወሳኺ ኣብ ባሕሪ ዝኸሰት ዘሎ ምጅት ዝያዳ ብልዑል ወሰኽ ካርቦንዳይኦክሳይድ ኣብ ጠፈር ዝኽሰት ዘሎ ኮይኑ፡ እዚ ወሰኽ ምስቲ ምምዝባል ሚዛን ናይ ጋዛት ናብ ካልእ ዝተሓላለኸ ሳዕቤናት የቃልዕ።

እቲ ካልእ ኣብ ምድርና ኣዝዩ ኣሰካፊ ዝኾነ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝረኣ ዘሎ ልዑል ምንቕልቓል ህይወታዊ ብዙሕነት እዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ትዕድልቲ ምድርና ብምኳኑ፡ ህላወ ወይ ብርሰት ናይ’ዚ ድማ ንህላወ ወዲ ሰብ ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ዓቢ ብደሆ ኮይኑ ዘሎ እዩ። ተወርሶኣዊ ህይወታዊ ብዙሕነት (Genetical Biodiversity) ካብ ቅድሚ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝበረ ካብ 5-10 ሚእታዊት ብጠቕላላ ከም ዝጎደለ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ይሕብሩ። እዚ ብርሰት ወይ ዕንወት ናይዞም ህይወታውያን ጎሊሑ ዝረኣ ኣብ ደሴታት ኣብ ዝርከቡ ተወርሶኣዊ ህይወታዊ ብዙሕነት እዩ። እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ዝረኣ ዘሎ ቅልጡፍ ምንቕልቓል ኣብ ቁጽሪ ምስቲ ኣብ ሕድሕድ ህይወታውያን ዘሎ ምትእስሳር ዝያዳ ኣሻቃሊ ይገብሮ።

ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ህይወታውያን ብዙሕነት ዘረጋግጽዎ ዘለዉ፡ ካብቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ልዕሊ ሸሞንተ ሚልዮን ህይወታውያን ኣስታት ሓደ ሚልዮን ህይወታውያን ኣትክልትን እንስሳታትን ኣብ ሓደጋ ምጽናት ይርከቡ። እዞም ምስቶም ህይወታውያን ዝነብሩሉ፡ ዝፈርዩሉ/ዝጸፍዩሉ፡ ዝምገቡሉ ቦታታት ወይ ሰፈሮም ዝወርድ ዘሎ ብርሰት ነቲ ምንቕልቓል ከምኡ’ውን ምጽናት ናይዞም እንስሳታት ዝያዳ ኣቢኢሰዎ ይርከብ። ኣብ ቀረባ ግዜ ዝወጸ መጽናዕትታት ፕሮግራም ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘረጋግጾ ልዕሊ ሰላ ሚእታዊት ካብ ምድርና በቲ ብወዲ ሰብ ዝግበር ዘሎ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣብ ጸቕጢ ከም ዘሎ ይሕብር። እዚ ምስቲ ኣብ መሬት ዘሎ ጸቕጢ ብምንጽጻር፡ ኣብ ባሕራዊ ህይወታዊ ብዙሕነት ዘሎ ድማ ዝኸፍአ ምኳኑ የረጋግጽ። ናይዚ ድማ፡ ብዝለዓለ ዝረኣ ዘሎ ሞትን ጸንተትን ዕንባባታት ባሕሪ ከም ኣብነት ክግለጽ ይከኣል። እዚ ምስቲ ሕጂ ዘሎ ዘሎ ትንቢታዊ መጽናዕትታት መማት ወይ ምጽናት ዕንባባታት ባሕሪ ኣብ ህይወታውያን ገዚፍ ዕንወት ዘስዕብ እዩ።

እዚ ሎሚ ዝረኣ ዘሎ ምንቕልቓል ኣብ ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ነቲ ካብ ኢኮሲስተም ንረኽቦ ዝበርና ኣገልግሎታት ከም ኣቕርቦት ማይ፡ መግቢ፡ ስነህይወታዊ ጸዓት ምቁጽጻር ናይ ንጹህ ኣየርን ሕማማትን ብዓብኡ ኣብ ባህርያዊ ተፈጥሮን ደቂ ሰብ ዘሎ ምትእስሳር ዝበርግን ዘበላሹን ኣብ መውዳእታ ንወዲ ሰብ ናብ ሓደጋ ዘእቱን እዩ።

ብደረጃ ዓለም ንድሕነትን ዕቃበን ህይወታዊ ብዙሕነት ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይካየዱ እኳ እንተሃለዉ፡ ብመንጽር ብርሰትን ዕንወትን ህይወታዊ ብዙሕነት ክረኣ ከሎ ግን ዝያዳ እቲ ዕንወት ጎሊሑ ይረኣ ኣሎ። እዚ ድማ ምስ’ቲ ኣብ ህይወታውያን ዘሎ ናይ መግቢ ሰንሰለታውን መርበባውን ዝምድናታትን ህላወን ምጥፋእ ናይ ሓደ ፍጡር ነቲ ካልእ ብቐጥታ ወይ ብዘይቀጥታ ይጸልዎ። እቲ ብኸምዚ ዝተጸልወ ፍጡር ተመሊሱ ንካልእ ሰለ ዝጸልዎ፡ እቲ ናይ ምጽናት ሓደጋታት እናተወራረሰ ይኸይድ። ብተወሳኺ ኣብ’ዚ ህሞት’ዚ ድማ ሓደ ዓይነት ፍጡራት ንዝተወሰነ ግዜ ምዕባለ ዘርኣየሉ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ድማ እቲ ዝዓበለ መጀመርያ ምጉዳል ብቑጽሪ ካብኡ ናብ ምጥፋእ ሓደጋ ምቅላዕ የኸትል ኣሎ።

ካልእ ኣብ’ዚ ዝረአ ወረርቲ ዓሌታት ህይወታውያን ብዙሕነት ዝዕብለሉን ኑየም ማብቆላውያን ንሓደጋ ምጽናት ዘቃልዑሉን ዝተፈላለዩ ተርእዮታት ዘጋጥመሉን ኮይኑ ይርከብ። ኣብ መወዳእታ፡ ምዕቃብን ምስሳንን ህይወታዊ ብዙሕነት ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነትን ስራሕን ምኳኑ ተረዲእና፡ ነቲ ፍሉይ ትዕድልቲ ፕላኔትና ምድሪ ዝኾነ ህይወታዊ ብዙሕነት ኣብ ድሕነቱ ክንዮጽም ብኢጋጣሚ መዓልቲ ምድሪ ምዝኽር ኣገዳሲ እዩ።

ይቕጽል...

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Chief Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Chief Engineer is responsible for planning, directing, and coordinating mining engineering activities to maximize ore extraction while ensuring safety, environmental compliance, and cost effectiveness. He / She provides technical leadership, manages engineering teams, and collaborates with other departments to optimize the Mine operation.

**Essential functions**

- The Chief Engineer provides overall leadership, technical direction, and strategic planning for all underground engineering functions.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Underground Project Planning and Management**

- Planning and scheduling of the underground projects and update project schedules as required. Monitoring of the progress on project milestones
- Weekly and end of month reporting on projects and department activities, attend meetings as required.
- Understand the strategic, long term mine plans for the projects with the overall strategic BMSC Life of Mine Plan
- The development of short-term plans that maintains the long-term objectives
- Manage, control, and coordinate all Underground technical services departments; Blasting, Ventilation, Survey, Geology & Geotechnical.
- Oversee the optimization of all mine designs and layouts in accordance with best mine procedures and standards
- Ensure legal compliance of all legally appointed personnel. Annual reporting of all resources and reserves. Optimum staffing and development of all personnel.

**Administrations**

- Project management documentation.
- Compilation of Project reports, attend meetings as required.
- Provide other duties as requested.
- Always ensure ethical behavior and maintain good communication within the department. Always maintain and enforce the BMSC Safety and Health policies.

**Budgeting**

- Financial tracking of all underground projects, budgets, and capital expenditure
- Development of cost models in and financial analysis for all underground operations.

**Mine Engineering**

- Development, evaluation and reviewing of mine designs and production scheduling
- Development, review, monitoring and management of the execution plan
- Technical audits and evaluation, including mining methods, infrastructure, designs, schedules, and financials. Provide other duties as required
- Provide mentoring to the mining engineers and graduate mining engineers.
- Assist with design and integration of underground-related safety protocols, mining standards and SOPs into the BMSC system.

**Reporting**

- Guide and review LOM updates, monthly engineering reports, and production forecast.
- Compilation of technical reports, NI43-101 or JORC compliant.
- Present technical updates and recommendations to senior leadership.

**Unique requirements/other information**

- The incumbent should demonstrate prior experience in underground hard-rock mining, ideally in an equivalent role
- Candidate must be physically medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor's degree in mining engineering<br>• Qualification in Business Administration/Project Management | • Minimum of 10 years' experience in the mining industry.<br>• 7+ years working experience in hard rock underground mining with a proven track record in leadership roles.<br>• 3+ years working on feasibility studies is essential.<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable particularly in Africa.<br>• Strong knowledge of underground hard rock mining technologies and methods. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Proficiency in mining software and modelling tools<br>• Exposure to mine expansion projects, feasibility studies, or new mine startups. Strategic planning.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing, A good knowledge of the mineral reporting codes, including the NI43-101 and JORC code.<br>• Strong financial acumen and experience with budgeting and cost forecasting. | • Excellent Leadership, communications, and teamwork skills.<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Strong problem-solving and decision-making skills<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Collaborative mindset with a focus on operational excellence and safety. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ነገረ ጀንደር - ኣብ ቦታ ስራሕ መረዳእታ ዝጠልብ ኣምር

ግርማይ ኣብርሃም (ሃኮሰኤ)

1ይ ክፋል

ንጀንደር ምስ ምርግጋጽ መዓርነት ደቀንስትዮ ጥራይ ዘተኣሳስር ግጉይ ትረኻታት ኣይተሳእነን። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ስድራ፡ ቦታ ስራሕን ካልእ ማሕበራዊ ምውሳእን ዘይምስናይን ካብ ናብ መጠኑ ዝፈላለ ግርጭታትን ከጓንፍ ባህርያዊ ኾይኑ። ብዙሕ እዋን፡ 'ጀንደር' ዝብል ኣምር ኣብ መራኸቢ ብዙሓንን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ይለዓል'ዩ። ኣብ ቦታ ስራሕ ከኣ ምስ ምፍጣር ማዕረ ዕድላት ሰራሕተኛታት ብምትእስሳር ኣዛራቢ ዛዕባ'ዩ።

ጀንደር ማለት ኣብ ጾታ ምርኩስ ብምግባር፡ ማሕበራዊ ህንጸት ኣበርክቶን ዝምድናን፡ ውልቃዊ መንነት፡ ባህርያት፡ ክብርታት፡ ተዛማዲ ሓይልን ጽልዋን ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብማዕረ ዝውስን ምርጫታት ወይ ተኽእሎታት'ዩ። ብርግጽ ጀንደር፡ ማሕበራዊ ህንጸት'ዩ፣ ምስ ግዜ ኸኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ባህልን ኣብ መንጎ ኻልእ ባህልታትን እናተመሓየሸ ወይ ለውጢ እናገበረ ዝመጽእ ኣረኣእያ'ዩ። ኣብ ዝተወሰነ እዋን ናይ ዝተወሰነ ባህሊ፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ክገብርዎ ትጽቢት ንዝግበረሉ ዕማማት'ውን የጠቓልል። ጀንደር፡ ጾታ ማለት ኣይኮነን፣ ንደቀንስትዮ ጥራይ ከኣ ኣይምልከተንን።

### ፍልልያት ጀንደርን ጾታን

ጾታ፡ ባዮሎጂያውን ኣካላውን ባህርያት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዝውስን ኲይኑ፡ ኣብ እዋን ባዮሎጂያዊ ፍርያምነቶም ዝገሃድ ዝተፈላለየ ተራ ኣለዎ። ጀንደር ግና ኣብ ባህርያዊ ጾታ ዝተመርኰሰ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣብ ውሱን ባህላውን ማሕበራውን መቓን ተመርኲሶም ዝሰከምዎ ተራን ሓላፍነትን የንጸባርቕ። ጾታዊ ፍልልያትና ቅድሚ ወሊድ ዝውሰን'ዩ፣ ብኸባብያውን ባህላውን ጽልዋታት ከኣ ኣይልወጥን'ዩ። ጀንደር ግና እትመሃሮ፡ ዝጥረ መንነት'ዩ። ምስ ግዜ ኸኣ ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ኽቀያየር ይኽእል።

ንዝያዳ ርድኢት፤

~ ደቀንስትዮ ጥራይ'የን ክጠንሳ ዝኽእላ - ባዮሎጂያዊ ሕቶ'ዩ። ብባህሪ ተደሪኾም ደቂ ተባዕትዮ ኽጠንሱ ስለ ዘይክእሉ።

~ ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ'ዮም ናይ ፕሮስቴት ካንሰር ከማዕብሉ ዝኽእሉ፣ እዚ ባዮሎጂያዊ ሕቶ'ዩ።

~ ደቀንስትዮ ብባህሪአን በቐባጃት'የን። እዚ ኣሐፍሽ ኣቢሉ መደምደምታ ዝገብር ምስ ደቀንስትዮ ጥራይ ዘይተኣሳሰር መግለጺ'ዩ። ስለዚ፡ ባዮሎጂያዊ ዘይኮነ ጀንደራዊ ኣመለኻኽታ'ዩ። ምኽንያቱ፡ በቐባጃት ደቂ ተባዕትዮ'ውን ስለ ዘይሰኣኑ።

~ ደቀንስትዮ ጥራይ'የን ቈልዑ ኸኣልያ ዝኽእላ። እዚ'ውን ምስ ጾታ ወይ ባዮሎጂ ዘተኣሳሰር ዘይብሉ እዩ። ስለዚ፡ ሕቶ ጀንደር ዘለዓዕል ኣመለኻኽታ ይኸውን።

~ ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ'ዮም ዓበይቲ ማካይን ክመርሑ ዝኽእሉ። እዚ'ውን ኣብ እዋን ቃልሲ




ንናጽነት'ውን ዝተራእየ፡ ብግብሪ ዝተበድሀ ግጉይ ኣመለኻኽታ እዩ። ተራ ደቀንስትዮ ምኻኑ ስለ ዝተመስከረ ኸኣ ሕቶ ጀንደር'ምበር፡ ዘይቅየር ባዮሎጂያዊ ባህሪ ኸም ዘይኮነ ብግብሪ ተረጋጊጹ።

### ጀንደራዊ ዝምድናታት

ጀንደራዊ ዝምድናታት፡ ንመሰላት፡ ግቡኣትን መንነትን ሓድሕዳዊ ዝምድና ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣመልኪቱ ሕብረተሰብ ዝውስኖ ነገር'ዩ። ኣብነት፡ ምስ ሰብኣያ ብምዝማድ ብዓልቲ ቤቱ'ያ። ምስ ኣሰራሒኣ ብምዝማድ ሰራሕተኛኡ'ያ። ምስ ኣቦኣ ብምዝማድ ጓሉ'ያ። ምስ መምህራ ብምዝማድ ተመሃሪቱ'ያ። ጀንደራዊ ዝምድናታት፡ ብቐረባ ምስ ዝስትውዓለሉ፡ ኣብ መንጎ ኽልቲኡ ጾታ ንዘሎ ዝምድና ዝጸሉ ወይ ዘቖውም ሓያል ናይ ጸብለልታ ወይ ናይ ሓይሊ ባእታ ይርከብ። ኣብ ሰፊሕ ዝበለ ማሕበራዊ ተመኲሮታት እንተ ተመልኪትና ኸኣ ምጥቃም ሓይሊ (power) ኣብ ጀንደር ክዓዩ ጸኒሑ'ዩ። ዝበዝሐ እዋን ከኣ ንረብሓ ወዲ ተባዕታይ ክዘዙ ጸኒሑን ኣሎን።

### ማዕርነት

ማዕርነት ክበሃል ከሎ፡ ንማዕረ መሰላት፡ ግቡኣት ወይ ሓላፍነታትን ዕድላትን ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ከምኡ'ውን ኣወዳትን ኣዋልድን ይምልከት። ማዕርነት ክበሃል ከሎ፡ ኣንስተይን ወዲ ተባዕታይን ሕደ ይኾኑ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ መሰላቶም፡ ግቡኣቶምን ዕድላቶምን ኣወዳት ኲይኖም ብምውላዶም ወይ ከኣ ኣዋልድ ኲይነን ብምውላደን ኣይውሰንን ንምባል'ዩ። ምኽንያቱ፡ ማዕርነት ሕቶ ሰብኣዊ መሰል'ዩ። ቅድመ-ኹነት፡ ሰብ ዘማእከለ ምዕባለ ድማ እዩ። ንደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሳተፈ ኽሽውን ከኣ ይግባእ።

ማዕርነት ጀንደር፡ ዘላቒ ቊጠባዊ ዕብየት ኣብ ምርግጋጽ መሰረታዊ ሓይልን ረቛሕን'ዩ። ምኽባር መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ውልቀ-ሓይልን ድማ እዩ። በንጻሩ ማዕርነት ጀንደር እንተ ዘይተረጋጊጹ፡ ጠንቂ ዝሕቱል ቊጠባዊ ዕብየት ይኸውን፡ ንድኽነት የቀላጥፎን ትሑት መነባብሮ ዘለዎ ሕብረተሰብ ብምፍጣር ድማ ዓይነታዊ ህይወት ንኽይህሉ ኣሉታዊ ጽልዋኡ የንብርን።

### ጀንደራዊ ተራ

ጀንደራዊ ተራ ኽበሃል ከሎ፡ ውሁብ ባዮሎጂያዊ ጾታ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ከይክሓድካ፡ ተራኦም ንኽጻወቱ ባይታ ምጥጣሕ ማለት'ዩ። እንተኾነ፡ ጀንደራዊ ተራ፡ ብማሕበራዊ ኹነታት ይጽሎ፣ ምስ ግዜን ቦታን ናይ ምቕያር ተኽእሎ ኣለዎ፣ ንሓደ ውሱን ሕብረተሰብ፡ ኮምን ታሪኻዊ እዋንን ዝገልጽ ኲይኑ፡ ብማሕበራዊ፡ ባህላውን ከባብያውን ረቛሒታት ይጽሎ።

ኣብ ግዜ ሰውራ ይኹን ድሒሩ ድሕሪ ናጽነት ዝተራእየ፡ ብዙሕ ብልምዲ ወይ ባህሊ ናይ ደቀንስትዮ ስራሕ ኣይኮነን ዝተባህለሉ ዕዮታት ብልክዑን ልዕሊ ልክዑን ዝሰራሓሉ ደቀንስትዮ ተራእየን'የን። ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ጋራጃት፡ ምምራሕ ማኪና፡ ብዓቢኡ ኸኣ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብመሪሕነት ደረጃ ዝገበራኦ ኣበርክቶ ምርኡይ ሓድጊ ምዃኑ ኽዝንጋዕ ኣይግባእን። ብመንጽሩ ኸኣ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ቦታ ደቀንስትዮ ዝመስል ዝነበረ ከም ምኽሻን መግቢ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ክዓዩ ተራእዮም።

ከም ተርእዮን ዛጊት ኣዛራቢ ጉዳይን ኲይኑ ዘሎ፡ ኣብ ዝበዝሐ ሕብረተሰባት፡ ኣፍራይነት፡ ውሳነታት ምውሳድ፡ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ዝበዝሕ እዋን ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ክምልከት ከሎ፡ ፍርያምነት ወይ ዘቤታዊ ዕዮ ግና ዝበዝሕ እዋን ንደቀንስትዮ እዩ ዝምልከተን። ደቀንስትዮ ኸኣ ዝበዝሐ ዕማም ኣለወን። እዚ ኣብ ጀንደራዊ ምክፍፋል ዕዮ ኣዛራቢ ዛዕባ'ዩ ዘሎ።

### ጀንደራዊ ግጉይ ኣተሓሳስባ (Gender Stereotype)

ጀንደራዊ ዓብላሊ ኣተሓሳስባ፡ ኣሐፍሽ ኣቢሉ ብዛዕባ ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቀንስትዮ ዝውንንዎ ባህርያት፡ ኣመለኻኽታ ከምኡ'ውን ክሰርሕዎ ወይ ክጻወትዎ ይግባእ ዝበሃል ተራ ዝዛረብ ኣምር'ዩ። ኣብ ዕብየት ደቀንስትዮ ይኹን ደቂ ተባዕትዮ ኸኣ ኣሉታዊ ተራ ኽጻወት ይኽእል'ዩ።

ደቀንስትዮ ኣብ ንባብ፡ ደቂ ተባዕትዮ ኸኣ ኣብ ቊጽሪ ሓያላት'ዮም፣ ወስ ዘይብል ወዲ ተባዕታይ ተደፋራይ'ዩ፣ ቈልዑ ዘለውወን ኣደታት ክሰርሓ ዝከኣል ኣይኮነን፣ ሰበይቲ እንተ ዘይተወቒዓ ትሻድን'ያ፣ ወድን ብዕራይን መፍለዩ የብሎምን፣ ጓል ዝወለደ ጨው ዝነገደን ሓደ፣ ጓል ዝተበኰረ፡ ምስ እዝጊ ተማኺረ ወዘተ. ዝብል ኣበሃህላ ኣብ ጉዳይ መዓርነት፡ ተራ ወዲ ተባዕታይ ይኹን ጓለንስተይቲ ኣብ ምድቓቕ ኣሉታዊ ተራ'ዩ ዘለዎ።

## ምስ ጀንደር ዝተኣሳሰር ሓቅታት

#### ገለ ሓቅታት ካብ 189 ሃገራት

~ 93 ሃገራት ኣብ ጀንደር ዝተመርኰሰ ክስታት ዝቕበል ኮሚሽናት ኣሎወን

~ 45 ሃገራት ኣብ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝተኲረ ሕግታት የብለንን

~ 37 ሃገራት ደቀንስትዮ ከም ደቂ ተባዕትዮ ባዕለን ፓስፖርት ክሕዛ ኣየፍቅዳን

~ 11 ሃገራት ደቀንስትዮ ወረቐት መንነት (ዜግነታዊ መንነት) ንኽሕዛ ከመልክታ ኣየፍቅዳን

~ 18 ሃገራት ደቀንስትዮ ብዘይ ፍቓድ ስራሕ ክረኽባ ኣየፍቅዳን

~ 31 ሃገራት ኣብ ድላየን ንኽነብራ ፍቓድ ኣይህባን

~ 39 ሃገራት ኣወዳትን ኣዋልድን ውሉዳት ማዕረ ዝኾነ ናይ ውርሻ መሰል የብለንን

#### መዓርነት ጀንደር - ጭብጥታትን ቍጽርታትን

~ ብደረጃ ዓለም ብዝሒ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዳርጋ ማዕረ'ዩ

~ ሃገራዊ ሕግታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ደቀስንትዮ ሕደ ዓይነት ምርጫ ስራሕ ከይህሉወን ይዕንቅፈን

~ ብደረጃ ዓለም 2.7 ሚልዮን ደቀንስትዮ ከይሰርሓ ብሕጊ ይኽልከላ

~ ካብ 102 ደቂ ተባዕትዮ 100 ደቀንስትዮ ኣለዋ (2020)

~ 75% ካብ ዓያዩ ሓይሊ ሰራሕተኛ ዓለም ደቀንስትዮ እየን።

~ 2/3 ካብ ሰዓታት ስራሕ ዓለም ደቀንስትዮ ይሸፍናኦ።

~ ዝበዝሐ ምግቢ ዓለም ደቀስንትዮ የፍርያኦ።

~ ደቀንስትዮ 10% ካብ ኣታዊታት ዓለም ጥራይ ይምኽራሓ።

~ ደቀንስትዮ 1% ንብረት ናይ ዓለም ጥራይ ይውንና።

#### ተወሳኺ ጭብጥታት ኣብ ቦታ ስራሕ



~ ብደረጃ ዓለም፡ ዕድላት ስራሕ ኣብ ደቀንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ብ26% ለጠቕ ይብል

~ ወርሓዊ ደሞዝ ደቀንስትዮ ካብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ብ20% ይጐድል

~ ምዕሩይ ዝኾነ ኣከፋፍላ ደሞዝ ብምልኣት ዘተግበረት ሃገር የላን

~ ካብ ዝተመርዓዋ ወይ ሓዳር ዝመስረታ ደቀንስትዮ 52% ጥራይ ኣብ ጉዳይ ጾታዊ ዝምድናታት፡ መከላኸሊ ጥንስን ካልእ ሕክምናዊ ክንክንን ናይ ምውሳን ናጽነት ኣለወን

~ ኣብ ጽፍሒ ሓላፍነት ካብ ዘለዉ ኣመሓደርቲ ደቀንስትዮ 27.1% ጥራይ ይሸፍና

~ ብደረጃ ዓለም፡ ካብ ወነንቲ መሬት ሕርሻ 13% ደቀንስትዮ እየን

~ ብሰንኪ፡ ቈልዓ ዝሕዘለን ሰብ ምስኣነን፡ 41% ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ዘለወን ደቀንስትዮ ካብ ስራሕ በኹረን ይርከባ

ከም ጸብጻብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና፡ 35% ልዕሊ 15 ዝዕድሚኤን ደቀንስትዮ (818 ሚልዮን) ኣብ ከባቢኤን ይኹን ኣብ ቦታ ስራሕ ጾታዊ ወይ ኣካላዊ ዓመጽ የጓንፈን።

